UK Health Security Agency

NHS

# ናይ'ቲ ድሕሪ ምውሳድ ክታበት MenB ዝስዕብ ረስኒ ምክልኻልን ምፍዋስን ፓራስታሞል ምጥቃም

## ውላደይ ክታበት MenB ሕጂ ወሲዱ ኣሎ፤ እንታይ ክጽበ ኣለኒ?

ድሕሪ ዝኾነ ይኹን ዓይነት ክታበት ምውሃቡ ረስኒ ከጋጥም ክንጽበ ንቡር እኳ እንተኾነ፣ ክታበት MenB (Bexsero) ምስ ካልኦት ብቐጻሊ ዝወሃቡ ዓይነት ክታበታት ብሓባር ነቶም ካብ 8 ክሳብ 12 ኣዋርሕ ዝዕድሚኦም ህጻናት ኣብ ዝወሃበሉ ኣጋጣሚ ግን ዝያዳ ልሙድ ተርእዮ እዩ። ፓራስታሞል ምስዘይወሃቡ፣ ልዕሊ ፍርቂ ናይ'ቶም እዞም ክታበታት ክታበት እተዋህቡዎም ናጽላታት ሙቐት ኣካላት የማዕብሉ። እዚ ተርእዮ ረስኒ እዚ ክታበት ምስተዋህበ ድሕሪ ናይ ኣስታት 6 ሰዓታት እዋን ኣብ ጥርዚ ክበጽሕ እዩ ዝረአ፤ ኩሉ ሳዕ ድማ ኣብ ውሽጢ 2 መዓልትታት ዳርጋ ምሉእ-ብሙሉእ ይጠፍእ። እዚ ተርእዮ ረስኒ፣ ስርዓተ-ምክልኻል-ሕማማት ናይ ሓደ እተኸትበ ህጻን ብዛዕባ እቲ ክታበት ግብረ መልሲ ይህብ ከምዘሎ ዘመልክት እዩ። ይኹን'ምበር ደረጃ ናይ ዝኽሰት ረስኒ ካብ ሓደ ህጻን ናብ ካልእ ዝፈላለ ኣብ ርእሲ ምኳኑ፣ ህላወ ረስኒ መረጋገጺ ውጽኢታውነት ናይ ክታበት እዩ ማለት እውን ኣይኮነን።

## ከመይ ጌረ ሓደጋ ረስኒ ከጉድሎ ዝኽእል?

ድሕሪ ክታበት ተቓላጢፍካ ፓራስታሞል ምሃብ – መጠን ረስኒ ክሳብ ዝጐድል ዘይምጽባይ – ድማ እቲ ህጻን ረስኒ ከማዕብል ንዘለዎ ተኽእሎ የጉድል። ፓራስታሞል እናወሰዱ ረስኒ ዘማዕብሉ ህጻናት ትሕቲ '1 ካብ 5' ክኾኑ እንከለዉ፣ ዳርጋ ብሙሉኣቶም ተርእዮታት ረስኒ ድማ ፍኹስ ዝበሉ እዮም (ትሕቲ 39 ዲግሪ ሰንቲግረይድ)። ምውሳድ ፓራስታሞል፣ ኣብ ርእሲ እዚ፣ ህጻናት ዝኾኑ ደቅና ቀጨውጨው ክብሉ ኮነ ከዕለብጡ ንዘለዎም ተኽእሎ ዘጉድል እዩ (ንኣብነት፣ ኣብ'ቲ መርፍእ እተወግአ ክፋል ኣካላት ክስምያም ንዝኽእል ቃንዛ)።

## ኣየናይ ዓይነት ፍርያት ፓራስታሞል እንተተጠቐምኩ እዩ ዝሓይሽ?

ብኣፍ ዝውሰድ **ንናጽላታት ዝኸውን ሽሮፖ ፓራስታሞል ክትጥቀሚ ይግባእ። እዚ ዓይነት ፓራስታሞል፣ ንዕሸላትን ነኣሽቱ ህጻናትን ተባሂሉ ብመልክዕ ፈሳሲ ዝዳሎ እዩ። 120ሚ.ግ./5ሚ.ሊ. ሕፍሰት ኣለዎ።**

ንዕሸላት ዝኸውን ሽሮፖ ፓራስታሞል ኣብ ገዛኹም ምስዘይህልወኩም፣ ደቅኹም ክታበት ድሕሪ ምውሳዶም ኣብ ውሽጢ ሓደ ሰዓት ቀዳማይ ዓቐን ፓራስታሞል ክትህብዎም ምእንቲ ክትክእሉ፣ ኣብ ከባቢኹም ካብ ዝርከብ ፋርማሲ ወይ ካብ ሱፐርማርኬት ዓድጉ ኢኹም። ካብ እተፈላለዩ ዓይነት ፍርያት ክትመርጹ ትኽእሉ ኢኹም (እንተላይ ዓይነት ጥርሙስን ባኮን)። እቲ ዝድለ፣ እትዕድግዎ ዓይነት ሽሮፖ ፓራስታሞል ንዕሸላት ዝኸውን ናይ 120ሚ.ግ./5ሚ.ሊ. ምኳኑ ምርግጋጽ ጥራይ እዩ።

(ኣስተውዕሉ፦ ናይ ማእከሎት ህጻናት (ልዕሊ 6 ዝዕድሚኦም) ፓራስታሞል ካብቲ ንዕሸላት ዝኸውን ዓይነት ፓራስታሞል (250ሚ.ግ./5ሚ.ሊ.) ዝሓፍስ ስለዝኾነ፣ ንነኣሽቱ ህጻናት ክወሃብ ኣይግባእን።

## ውላደይ ከመይ ዝኣመሰሉ ክታበታት ድሕሪ ምውሳዱ እየ - ፓራስታሞል ክህቦ ዝግብኣኒ?

ደቅና ክታበታት MenB ዝሕሪ ምውሳዶም፣ ፓራስታሞል ክወሃቡ ከምዘለዎም እዮም ሞያውያን ዝመኽሩ። ክታበት MenB፣ ከም ልሙድ፣ ኣብ ቀዳማይን ሳልሳይን ቈጸራታት ክታበት ናይ ደቅና፣ ማለት ኣብ 2ይ ከምኡውን 4ይ ወርሒ ናይ ዕድሚኦም እዩ ዝወሃብ።

ኣብ መበል 12 ወርሒ ዕድመ ናይ ደቅና ኣበራታዒ ክታበት MenB ድሕሪ ምውሃቡ፣ ፓራስታሞል ከም ልሙድ ክወሃብ ኣድላዪ ኣይኮነን። ህጻናት ኣብዚ ደረጃ ዕድመ እዚ ዘለዎም ተኽእሎ ተቓላዒነት ናብ ረስኒ፣ ልክዕ ከም ናይ ካልኦት ክታበታት እዩ።

## ክንደይ ዝመጠኑ ፓራስታሞል ክህብ እዩ ዝግብኣኒ?

ክታበት MenB ድሕሪ ምውሃቡ፣ ብድምር 3 ዓቐን ናይ 2.5ሚ.ሊ. (60ሚ.ግ.) ፓራስታሞል ክወሃብ ከምዘለዎ እዮም ሞያውያን ዝመኽሩ። ነታ ቀዳመይቲ ዓቐን ናይዚ መድሃኒት ኣብ እዋን ክታበት ወይ ድማ ብዝተኻእለ መጠን ድሕሪ ክታበት ተቓላጢፍና ክንህብ ይግባእ።

ብድሕርዚ፣ ነታ ካልኣይቲ ዓቐን ፓራስታሞል ካብ 4 ክሳብ 6 ሰዓታት ኣቢልና ጸኒሕና ንህብ፤ ነታ ሳልሰይቲ ዓቐን ድማ ካብ 4 ክሳብ 6 ሰዓታት ዝኣክል እዋን ጸኒሕና (ሰደቓ ተመልከቱ)።

እቲ ናይ 2.5ሚ.ሊ. ብስሪንጋ ወይ ብናይ 2.5ሚ.ሊ. ማንካ (እታ ምስ ባኮ ናይቲ ሽሮፖ እትመጽእ ኣብ ጫፍ እትርከብ ንእሽቶ ማንካ) ተዓቂኑ ክወሃብ ይግባእ።

ነቶም ቅድሚ እዋኖም እተልዱ ህጻት (ቅድሚ ናይ 32 ሰሙናት እዋን ጥንሲ እተወልዱ)፣ ዶክተር ንኣካላዊ ክብደቶምን እዋን ክታበትን ኣብ ግምት ኣእትዩ ፓራስታሞል ክእዝዘሎም ይግባእ። ንዝተከታተለኩም ዶክተር ክትውከሱ፣ ከምኡውን ንመድሃኒታዊ መምርሒታት ናይ ሓኪም ከተተግብሩን ይግባእ።

## ዓቐን ከምኡውን ዝወሃበሉ ሰዓታት ናይቲ ንዕሸላት ድሕሪ ምውሃብ ክታበታት MenB እንጥቀመሉ ሽሮፖ ፓራስታሞል (120ሚ.ግ./5ሚ.ሊ.) (ኩሉ ሳዕ ኣብ 2ይ ከምኡውን 4ይ ወርሒ ናይ ዕድሚኦም)

| ዕድመ ህጻን | ክሳብ 6 ወርሒ (ኩሉ ሳዕ ኣብ 2ይ ከምኡውን 4ይ ወርሒ) |
|---|---|
| ዓቐን 1 | ሓንቲ ናይ 2.5ሚ.ሊ. (60ሚ.ግ.) ዓቐን – ድሕሪ ምውሃብ ክታበት ብዝተኻእለ መጠን ኣብ ዝሓጸረ እዋን |
| ዓቐን 2 | ሓንቲ ናይ 2.5ሚ.ሊ. (60ሚ.ግ.) ዓቐን፣ ድሕሪ ምውሃብ ቀዳመይቲ ዓቐን ካብ 4 ክሳብ 6 ሰዓታት ጸኒሕና |
| ዓቐን 3 | ሓንቲ ናይ 2.5ሚ.ሊ. (60ሚ.ግ.) ዓቐን፣ ድሕሪ ምውሃብ ካልኣይቲ ዓቐን ካብ 4 ክሳብ 6 ሰዓታት ጸኒሕና |

immunisation
ንህጻናትን ንዓበይትን ክንከላኸለሉ እንኽእል ውሑስ መገዲ

**እዚ ኣብዚ በራሪ ጽሑፍ እዚ ሰፊሩ ዘሎ ምኽሪ፣ ደቅና ክታበት MenB እንተወሲዶም ጥራይ ኣብ ግብሪ ክውዕል ዘለዎ እዩ። ንደቅና ኣብ ካልእ ዝኾነ ይኹን እዋን ረስኒ ምስዝረኣዮም፣ ኣብ ናይቲ መድሃኒት ባኮ ንዝጸንሓና መምርሒታትን ናይ ዓቐን ዝምልከት ምኽሪ፣ ከምኡውን ንተሓካሚ ንዝምልከት ሓበሬታዊ በራሪ ጽሑፍ ክንውከስ ይግባእ።**

### ውላደይ ሳልሰይቲ ዓቐን ፓራስታሞል ድሕሪ ምውሳዱ ረስኒ ቀጺሉ ምስዝረኣዮ ኸ?

ንገለ ነኣሽቱ ህጻናት ክታበት ድሕሪ ምውሃቦም ረስኒ ክረኣዮም ተኽእሎ ኣሎ፤ ዋላ እውን 3 ዓቐናት ፓራስታሞል ድሕሪ ምውሳዶም። ኣብቶም ድሕሪ ምውሃብ ክታበት ዘለዉ 48 ሰዓታት፣ ንደቅና ብዘይካ ቀጻልነት ናይ ረስኒ ካልእ ዝኾነ ይኹን ጸገም ምስዘይህልዎም፣ ቀጺልና ተማሳሳሊ መጠን፣ ማለት ናይ 2.5 ሚ.ሊ. (60ሚ.ግ.) ዓቐን ናይቲ ንዕሽላት ዝኸውን ሽሮፖ ፓራስታሞል (120ሚ.ግ./5ሚ.ሊ.) ክንህቦም ንኽእል ኢና።

- **ኣብ ኣወሃህባ ናይዞም ዓቐናት፣ ኩሉ ሳዕ እንተወሓደ ናይ 4 ሰዓታት ፍልልይ ግዜ ከምዝህሉ ክንገብር ይግባእ። ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓታት ድማ ልዕሊ 4 ዓቐናት ብፍጹም ኣይንሃብ።**

ነኣሽቱ ህጻናት ደቅና ብዙሓት ክዳውንቲ ከምዘይድርቡን ኮቦርታ ከምዘይክደኑን ብምግባር ኣካላዊ ረስኖም ከምዝሃድእ ክንገብር እውን ንኽእል ኢና፤ ብዙሕ ፈሳሲ ድማ ነስትዮም። ደቅና ዝጠብዉ እንተኾይኖም፣ እቲ ዝበለጸ ክወስድዎ ዘለዎም ፈሳሲ ጸባ ጡብ ኣዲኦም እዩ።

- **ኣብ ዝኾነ ይኹን እዋን ኲነታት ጥዕና ደቅና ምስዘሰክፈና፣ ውሽጥና ብዛዕባ ዝብለና እናተኣማመንና ምስ ዝከታተለና ሓፈሻዊ ሓኪም ዝኾነ ዶክተር ክንዘራረብ ወይ ናብ ትካል NHS –ማለት ኣብ ዓዲ-እንግሊዝ እንተኾይኑ ብቑጽሪ 111፣ ኣብ ዌልስ ድማ ብቑጽሪ 0845 46 47– ደዊልና ምኽሪ ክንወስድ ይግባእ።**
- **ደቅና ክታበት ድሕሪ ምውሳዶም ኪንዮ 48 ሰዓታት ዝቐጸለ ረስኒ ገና ምስዝህልዎም፣ ምስ ዝከታተለና ሓፈሻዊ ሓኪም ዝኾነ ዶክተር ንዘራረብ ወይ ናብ ትካል NHS –ማለት ኣብ ዓዲ-እንግሊዝ እንተኾይኑ ብቑጽሪ 111፣ ኣብ ዌልስ ድማ ብቑጽሪ 0845 46 47– ደዊልና ምኽሪ ንውሰድ።**

## ካልኦት ልሙዳት ዝኾኑ ሕቶታት፦

### ንውላደይ ካብ ድቃሱ ኣተንሲአ ፓራስታሞል ክህቦ ጽቡቕ ድዩ?

ኩሉ ሳዕ፣ ክታበት MenB ድሕሪ ምውሃቡ፣ ነታ ቀዳመይቲ ዓቐን ፓራስታሞል ብዝተኻእለ መጠን ኣብ ዝሓጸረ እዋን ክንህቦ እዩ ዝግባእ። ይኹንምበር፣ ደቅና ኣብታ እትስዕብ ዓቐን ክወስዱሉ ዘለዎም እዋን ደቂሶም ምስዝጸንሑ፣ ካብ ድቃሶም ኣይነተንስኣዮም። ደቅና ድሒሮም፣ ማለት ዝቐደመት ዓቐን ካብ ዝወሰዱላ ግዜ ብውሑዱ 4 ሰዓታት ጸኒሖም ካብ ድቃሶም ምስተንስኡ፣ ክንህቦም ንኽእል ኢና።

### ነኣሽቱ ህጻት ፓራስታሞል እንተወሰዱ ደሓን ድዩ?

ፓራስታሞል ካብ 2 ወርሒ ንላዕሊ ኣብ ዝዕድሚኦም ህጻናት፣ ረስኒ ንምቊጽጻር ተባሂሉ ብወግዒ እተፈቕደ እዩ። እቲ ኣብ ናይቲ መድሃኒት ባኮ ዝጸንሓና ንተሓካሚ ንዝምልከት ሓበሬታዊ በራሪ ጽሑፍ፣ ካብ 2 ክሳብ 3 ወርሒ ዝዕድሚኦም ህጻናት 2 ዓቐናት ጥራይ ክወሃቡ ከምዝግባእ፤ እንተዘየሎ ናብ ዶክተር ወይ ናብ በዓል-ሞያ ፋርማሲ ክንወስዶም ከምዝግባእ ዝጠቅስ ጽሑፍ ክህልዎ ይከኣል እዩ።

እቶም ብዕድመ ኣዝዮም ነኣሽቱ ዝኾኑ ህጻናት ፓራስታሞል ክወስዱ ውሑስ እኳ እንተኾነ፣ ኣብ ባኮ ከምዚ ዝኣመለ ሓበሬታ ዝጸሓፍ፣ ወለዲ ብምኽንያት ጠንቂ ዘይተፈልጠ ረስኒ ንደቆም ፓራስታሞል ንኸይህቡ ተባሂሉ እዩ። ከምዚ ዝኣመሰለ ረስኒ ምልክት ናይ ከቢድ ረኽሲ ክኸውን ስለዝኽእል፣ ረስኒ ምቊጽጻር ዝምልከቶ ህጻን ናብ ሕክምና ኣብ ምኻድ ከደናጉዮ ተኽእሎ ኣሎ።

ድሕሪ ምውሃብ ክታበት ዝኽሰት ረስኒ ንቡር እኳ እንተኾነ፣ ክታበት MenB ምስተዋህበ ሕክምናዊ ምኽሪ ከየናደኻ ክሳብ ን 48 ሰዓታት ፓራስታሞል እንተተዋህበ ጸገም ከምዘይብሉ ሞያውያን መኺሮም ኣለዉ።

ኣብዚ እዋን እዚ ዝኽሰት ረስኒ፣ ኣብ ክንዲ ብሰንኪ ረኽሲ ብምኽንያት ክታበት ዘጋጠመ ክኸውን ዝለዓለ ተኽእሎ ዘለዎ። ፓራስታሞል ደቅና ንኽሕሾም ዝሕግዝ ኣብ ርእሲ ምዃኑ፣ ኣብ ውሽጢ ናይ 24 ሰዓታት እዋን ካብ 4 ነናይ 2.5ሚ.ሊ. ዘይዛይዱ ዓቐናት ጥራይ ክሳብ ዝሃብና ናይ ልዕለ-ዓቐን (over-dose) ሳዕቤናት የብሉን።

### ስለምንታይ እዩ ኣብቲ ብኣፍራዪ ትካል ዝዳሎ ንተሓካሚ ንዝምልከት ሓበሬታዊ በራሪ ጽሑፍ (PIL) ዝተፈላለየ ሓበሬታ ዝሓዘ?

ኣብቲ እንዕድጎ ፓራስታሞል፣ ብኣፍራዪ ትካል ዝዳሎ ንተሓካሚ ንዝምልከት ሓበሬታዊ በራሪ ጽሑፍ (PIL) ክንረክብ ኢና። ንዕሽላት ኣብ ዝኸውን ሽሮፖ ፓራስታሞል ናይ 120ሚ.ግ./5ሚ.ሊ. ዝርከብ PIL፣ ብድሕሪ ክታበት MenB ክወሃብ ንዝግባእ ዓቐን ኣመልኪቱ፣ ክኢላዊ ማዕዳ ኣብ ግምት ብምእታው፣ ፍልይ ዝበለ መምርሒ ክህበና ዝከኣል እዩ። ኣብዚ በራሪ ጽሑፍ እዚ፣ ንድሕሪ ምውሃብ ክታበት MenB ብዝምልከት ዝርዝራት ናይ ፍሉያት ሞያውያን ምኽርታት ኣስፊርና ኣለና። ንፍርያት ፓራስታሞል ብዝምልከት ምሉእ ሓበሬታ ንምርካብ፣ ብኽብረትኩም ነቲ ብኣፍራዪ ትካል ዝዳሎ ንተሓካሚ ዝምልከት ሓበሬታዊ በራሪ ጽሑፍ (PIL) ርኣዩ።

### ደቅና ኣብ መበል 12 ወርሒ ዕድሚኦም ምስ ዝወሃብ ኣበራታዒ ክታበት MenB ፓራስታሞል ክወስዱ ኣድላዪ ድዩ?

ህጻናት ደቅና መበል 12 ወርሒ ዕድሚኦም ካብ ዝረገጹሉ እዋን ንዳሓር ዘለዎም ተኽእሎ ተቓላዒነት ናብ ረስኒ፣ ማለት ክታበት MenB ድሕሪ ምውሳዶም፣ ልክዕ ከም ናይ ካልኦት ክታበታት እዩ። ስለዚ፣ ደቅና ኣብ መበል 12 ወርሒ ዕድሚኦም ኣበራታዒ ክታበት MenB ድሕሪ ምውሃቦም፣ ከም ልሙድ ፓራስታሞል ክወሃቡ ኣድላዪ ኣይኰነን። ይኹንምበር፣ ደቅና ኣብ ገዝኦም ኰይኖም ረስኒ ምስዘርእዩ ወይ ናይ ቀጨውጨው ስምዒት ምስእንርእየሎም፣ ኣብ ናይቲ መድሃኒት ባኮ ንዝርከብ ናይ መምርሒ ጽሑፍ ብምንባብ፣ ምስ ዕድሚኦም ዝኸይድ ኣገባባት ዓቐን ተኸቲልና፣ ንዕሽላት ዝኸውን ሽሮፖ ፓራስታሞል ክንህቦም ንኽእል ኢና።

**እቲ ካብ 2 ክሳብ 3 ወርሒ ዝዕድሚኦም ህጻናት 2 ዓቐናት ፓራስታሞል ጥራይ ክወሃቡ ከምዝግባእ ዝጠቅስ ምኽሪ፣ ድሕሪ መዓልትታት ክታበት MenB ጥራይ እዩ ኣብ ግብሪ ኪውዕል ዝከኣእል። ንደቅና ኣብ ካልእ ዝኾነ ይኹን እዋን ረስኒ ምስዝረኣዮም፣ ኣብ ናይቲ መድሃኒት ባኮ ንዝጸንሓና መምርሒታትን ናይ ዓቐን ዝምልከት ምኽሪ፣ ከምኡውን ንተሓካሚ ንዝምልከት ሓበሬታዊ በራሪ ጽሑፍ ክንውከስ ይግባእ።**

NHS

www.nhs.uk/vaccinations

© Crown copyright 2025. Version 4. UK Health Security gateway number: 2025-162. Product code: 3083756TYA Tigrinya. 50K SEP 2025 (APS)
To order more copies of this asset, please visit: **www.healthpublications.gov.uk** or call 0300 123 1002.